# ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ግዳይ ከተርቲ ኮይና



ብዕለት 02.10.2011 ኣብ ከተማ ጊሰን ዝተጸንበል „20 ዓመታት ሓበንን 50 ዓመታት መኸተን“ ንምስታፍ ኣብቲ ቦታ ንምኻድ ኣብ መንገዲ ኣብ ዝነበራ ደቀኣንስትዮ ጉድኣት ወሪዱ:: እዚ ብ „ተቓወምቲ“ ኢና ብዝብሉ ወገናት ኣብ ዝተጸወዐ „ሰላማዊ“ ሰልፊ: ክሳተፉ ዝመጽኡ ዘይሓላፍነታውያን ሰባት ዝተተግበረ እከይ ተግባር: ሰላማውያን ሰባት ብፍላይ ደቀኣንስትዮ ዕላማ ብምግባር: ኣብ ፈቐዶ ኣንጎሎታት ተሓቢኦም ብምጽናሕ: ኣብቲ ብኣምባሳደር ኤርትራ ዝተወደበ ጽንብል ከይሳተፉ ምፍርራሕን ኣካላዊ ጉድኣት ምውራድን ዘጠቓለለ ኢዩ ነይሩ:: ብጀካ ጎነጽ እውን: ስልማተን ብምቕንጣጥ ከትሪን ዘረፋን ከምዝተኻየደ እውን ተፈሊጡ:: ኣዝየን ብዙሓት ደቀኣንስትዮ: እንኮላይ ኣደ ጀጋኑ ዝኾና ኤርትራውያን ኣዴታት ግዳይ ናይዚ ከትሪ ክኾና ከለዋ: ካልኦት እውን ክትደግሞ ዘሕንኽ: ኤርትራዊ ስነ-ምግባር ዝጎደሎ ባዕለገ ጸርፍታት ከምዝዘነበን ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ:: እዞም ወቓዒት ኣዴታቶም ዝኾኑ ባጋሚንዱታት ብጉልባብ ሰላማዊ ሰልፊ ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ: ንኣዴታት ዝደፍር ጎነጽ ከካይዱ ዝተላእኹ ደቂ ትግራይ ደኣ እምበር: ኤርትራውያን ክኾኑ ኣይክእሉን ኢዮም ዝበሉ ተዓዘብቲ: ካብ ኩሉ ዘስደምም እቶም ኤርትራውያን ኢና እንዳበሉ ነዊሕ ዓመታት መሰል ደቂኣዳም ዝሓቱ ኣረጋውያን ፓለቲከኛታት እዚ ተርእዮ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ምስተራእየ እውን ንኣሓዋቶም ደቀኣንስትዮ ክከላኸሉለን ዘይምኻእሎም ጥራሕ ዘይኮነ : ኣንዳዕዲዕም „ኣብዚ ኣደብ ግበሩ: ሰልፊ ምስ ተወደአ ግን ናትኩም ጉዳይ ኢዩ“ ዝብል መግለጺ ምሃቦም ኣካል ናይዚ ከትሪ ከምዝኾኑ ዘረጋግጽ ኢዩ ብምባል ይገልጹ:: ዝበዝሑ ተዓዘብቲ እዚ ብኣማንኤል ኢያሱ ዝበሃል ዝፈለመ ንኣዴታት ከም ኮማሮን ሽራሙጥን ዘቕረበ ጽሑፍ: ናቱ መቐጸልታ ኢዩ ይብሉ:: እዚ ሰብ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብምኻድ ካብ ሰብ ስልጣን ወያነ መምርሒ ሒዙ ከምዝመጽአ ይንገር:: ብጀካ እዚ ገለ መርበብ ሓበሬታታት: ነዚ ከትሪን ዘይሰላማውን ስጉምቲ „ግብግብ“ ኣንጻር ህግደፋዊያን ምባሎም: ኣብ ልዕሊ ኣዴታት ኤርትራውያን ዘለዎም ንዕቐት መርኣያ ኢዩ ይብሉ ለባማት::

ተሳተፍቲን ወደብቲን ጽምብል ሰላም ንኸይዝረግ ዝወሰድዎ ስጉምትን ዘራእይዎ ድስፕሊንን ብብዙሓት ናእዳ ክረክብ ከሎ: ምድፋር ኤርትራዊት ኣደ ክጽወር ዘይከኣል

ገበን ምኻኑ ብምግላጽ: እዚ ንኽይድገም ዘድሊ ምቅርራብ ይገብሩ ከምዘለዎ ይሕብሩ:: ቅሩብነት ኣብ ቦትኡ ሃልዩ ህዝቢ ከም ወትሩ ብስራሕ መኸተኡን ገስጋሱን ከሕይል ከምዘለዎ ብዙሓት ዝስማምዑሉ ነጥቢ ኢዩ:: እወ እቲ ከልቢ ይነብሕ: እቲ ቃፍላይ ጉዕዝኡ ይቕጽል ስለዝኾነ!!

ተኽለ ዑቕባሚካኤል
ተዓዛባይ